This translation is out of date. Use it along with the current VIS in English. Visit www.immunize.org/vis for details.


ሓበሬታዊ መግለጺ ብዛዕባ ክታበት

# ክታበት ናይ ኤች.ኣይ.ቢ

(ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት ቢ)

## ክትፈልጦ ዘድልየካ እንታይ ኣሎ

Many Vaccine information Statements are available in Spanish and other languages. See www.immunize.org/vis

Hojas de información sobre vacunas están disponibles en español y en muchos otros idiomas. Visite www.immunize.org/vis

## 1 ስለምንታይ ክታበት ይኽተብ?

ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት ቢ (ኤ.ኣይ.ቢ)፡ ብባክተሪያ ዝስዕብ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ኩሉ ግዜ ድማ ትሕቲ 5 ዓመት ንዝዕድሚኦም ህጻናት ይለክፍ/የጥቅዕ። ጥዕናዊ ጸገማት ንዘለዎም ኣኣቕሚ ኣዳም ዝበጽሁ ሰባት`ውን የጥቅዕ እዩ።

ውላድካ ኣብ ከባቢ በቲ ባክተሪያ ዝተለኽፉ ቆልዑ ወይ ዓበይቲ ሰባት ምስዝህሉ፡ ብሕማም ኤች.ኣይ.ቢ ክልከፍ ይኽእል እዩ። ከምዝተለኽፈ`ውን ክፈልጥ ኣይክእልን እዩ። እቶም ጀርምታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፉ እዮም። እንተደኣ እቶም ጀርምታት ኣብ ኣፍንጫን ጎረሮን ናይ`ቲ ህጻን ተረፍም፡ ምናልባት ክሓምም ኣይክእልን እዩ። ግና፡ ሓደ ሓደ ግዜ እቶም ጀርምታት ካብ ኣፍንጫን ጎረሮን ሓሊፎም ናብ ሰናቡእ ወይ ናብ ሰራዉር ደም ይኣትዉ`ሞ፡ ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገማት የኸትሉ። እዚ ከኣ መጥቃዕቲ ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ክታበት ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ቅድሚ ምምሃዙ፡ ሕማም ኤች.ኣይ.ቢ ኣብ ኣመሪካ ቀንዲ ጠንቂ ናይ`ቲ ኣብ ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ዝኸሰት ዝነበረ ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም መኒንጃቲዝ እዩ ነይሩ። መኒንጃቲዝ ኣብ ውሽጣዊ ሽፋን ናይ ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቆን ዝፍጠር ረኽሲ እዩ። መጉዳእቲ ናይ ሓንጎልን ጽመትን ድማ ከስዕብ ይኽእል። ሕማም ኤች.ኣይ.ቢ ነዚ ዝስዕብ ጸገማት`ውን ከስዕብ ይኽእል:

- ኒሞኒያ
- ንምስትንፋስ ዘሸግር ከቢድ ሕበጥ ኣብ ጎረሮ
- ረኽሲታት ናይ ደም፡ መለጋገቢ፡ ኣዕጽምቲን ሽፋን ልቢን
- ሞት

ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ቅድሚ ምምዕባሉ፡ ኣብ ኣመሪካ ዓመታዊ ኣስታት 20,000 ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ብሕማም ኤች.ኣይ.ቢ ይልከፉ ነይሮም። ካብ 3% - 6% ዝኣኽሉ ድማ ሞይቶም።

ክታበት ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ካብ ሕማም ኤች.ኣይ.ቢ ክከላኸል ይኽእል። ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ፡ ቁጽሪ ተርእዮ ሕማም ኤች.ኣይ.ቢ ብልዕሊ 99% ነክዩ ኣሎ። ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ምኽታብ እንተነቋርጸ፡ ብዙሓት ህጻናት ብሕማም ኤች.ኣይ.ቢ ምተለኽፉ ንነይሮም።

## 2 ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ

ሎሚ በበይኑ መለለዪ ዘለዎ ሓያለ ክታበት ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ኣሎ። ካብቲ ዝወሃብ ዘሎ ዓይነት ክታበት ምርኩስ ብምግባር፡ ውላድካ 3 ወይ ድማ 4 ዶዝ ክታበት ክወስድ እዩ።
ክታበት ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ኩሉ ግዜ ኣብዚም ዝስዕቡ ደረጃታት ዕድመ ብዶዝ ክወሃብ ይእዘዝ:

- ቀዳማይ ዶዝ: 2 ወርሒ ዕድመ ምስገበሩ
- ካልኣይ ዶዝ: 4 ወርሒ ዕድመ ምስገበሩ
- ሳልሳይ ዶዝ: 6 ወርሒ ምስገበሩ (ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ኣብ ዓይነት/መለለዪ ናይ`ቲ ክታበት ምርኩስ ገይርካ)
- ናይ መወዳእታ/ኣበራታዒ ዶዝ: 12–15 ወርሒ ምስገበሩ

ክታበት ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ምስ ካልኦት ክታበታት ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ክታበት ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ምስ ካልኦት ክታበታት ተሓዋዊሱ ክወሃብ ይኽእል እዩ። ምትሕውዋስ ክታበታት ማለት፡ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክታበታት ተሓዋዊሶም ብመልክዕ ሓንቲ ዶዝ ክወሃቡ ከለዉ እዩ። ስለዚ ድማ በዚ መልክዕ ዝተዳለወ ክታበት ንብዙሕ ሕማማት ክከላኸል ይኽእል።

ልዕሊ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናትን እኹላት ሰባትን ኩሉ ግዜ ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ኣየድልዮምን እዩ። ግና፡ ሕማም ኣስፐለኒያ ወይ ማዕጺድ መሰል ቅርጺ ዘለም ዘይጥዑያት ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዘለዎም ብዕድመ ዕብይ ዝበሉ ህጻናት ወይ በጽሒታት፡ ላልሽም ንምእላይ መጥባሕቲ ቅድሚ ምክያዶም ወይ ምስግጋር ናይ ኣንጉዕ ዓጽሚ ቅድሚ ምግባሮም፡ነቲ ክታበት ክወስዱዎ ማዕዳ ክቐርበሎም ይኽእል እዩ። ምስ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ ኤይድስ ዝነብሩ ካብ 5 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት`ውን ነቲ ክታበት ክወስዱዎ ይመዓዱ`ዮም። ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንምርካብ ንሓኪምካ ተወከሶ።

ሓኪምካ ወይ እቲ ነቲ ክታበት ዝህበካ ዘሎ በዓል-ሞያ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህበካ ይኽእል እዩ።

## 3 ገለ ሰባት ነዚ ክታት ክወስዱዎ የብሎምን

ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ንትሕቲ 6 ሰሙን ዝዕድመኦም ናጽላታት ክወሃብ የብሉን።

ሓደ ሰብ ናይ ኤች.ኣይ.ቢ ዶዝ ክታበት ብምውሳዱ ንህይወቱ ዝፈታተን ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት ኣጋጢሙዎ ዝፈልጥ እንተኾይኑ፡ ወይ ድማ ምስቲ ክታበት ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት ኣጋጢሙዎ እንተነይሩ፡ ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ክወስድ የብሉን። ብዛዕባ`ቲ ኣቐዲሙ ዘጋጠሞ ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት ነቲ ክታበት ዝህበ ዘሎ ሰብ ብግቡእ ክሕብሮ ኣለዎ።

ፈኲስ/ቀሊል ጥዕናዊ ጸገም ዘለዎም ሰባት ግን ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። መጠናዊ ወይ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ዘለዎም ሰባት ከኣ፡ ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ቅድሚ ምውሳዶም ክሳብ ዝሓዉዩ ክጸንሑ ኣለዎም። ክታበት ኣብ ዝወሃበሉ ግዜ፡ እቲ ዝኽተብ ሰብ ጥዕናኡ ጽቡቕ እንተዘይ ተሰሚዑዎ፡ ንሓኪምካ ሓብረሉ።

## 4 ክታበት ዘኸትሎ ጥዕናዊ ሳዕቤናት

ዝኾነ መድሃኒት፡ እንተላይ ክታበታት፡ ኣብ ጥዕና ጎድናዊ ሳዕቤናት ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ኣለዎም። እዞም ጎድናዊ ሳዕቤናት`ዚኣቶም፡ ኩሉ ግዜ ቀለልቲን ግዚኦም ሓልዮም ባዕሎም ዝጠፍኡን እዮም። ከቢድ ሳዕቤናት`ውን ከኸትሉ ይኽእሉ እዮም ግና እዚ ሳሕቲ`ዩ ዘጋጥም።



U.S. Department of Health and Human Services
Centers for Disease Control and Prevention

መብዛሕትኦም ሰባት ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ምስ ወሰዱ ዘጋጥሞም ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገም የብሎምን።

**ድሕሪ ክታበት ኤች.ኣይ.ቢ ምኽታብ ዝስዕቡ** ቀለልቲ ጸገማት:
- ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኣካላት፡ ቆርበት ይቕይሕ፡ ሙቐት ይፍጠር፡ ወይ ድማ ሕበጥ ይኽሰት።
- ረስኒ

እዞም ጸገማት እዚኣቶም ብተደጋጋሚ ዝረኣዩ ኣይኮኑን። ከጋጥሙ እንተ ኾይኖም ከኣ፡ ድሕሪ መውጋእቲ መርፍእ ክታበት ቀልጢፎም ይኽስቱ`ሞ፡ ክሳብ 2 ወይ 3 መዓልቲ ድማ ይጸንሑ።

**ድሕሪ ዝኾነ ክታበት ምውሳድካ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጸገማት:**

ዝኾነ ሕክምናዊ ፍወሳ ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ገለ ብክታበት ዝስዕቡ ጥዕናዊ ጸገማት ኣዝዮም ሳሕቲ`ዮም ዘጋጥሙ። ብገምጋም ካብ ሓደ ሚልዮን ዶዝ ክታበት ትሕቲ 1 ዶዝ ጥራይ`ያ ጸገማት ተስዕብ። እቲ ጸገማት ድማ ድሕሪ ክታበት ኣብ ዘሎ ሒደት ደቓይቕ ወይ ሒደት ሰዓታት ይኽሰት።

ክታበት፡ ከም ዝኾነ መድሃኒት፡ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ወይ ሞት ናይ ምስዓብ ተኽእሎኡ ኣዝዩ ትሑት እዩ።

ዝጎበዙ ህጻናት፡ ኮተቴታትን ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ሰባትን፡ ዝኾነ ክታበት ድሕሪ ምውሳዶም እዞም ጸገማት ከጋጥሙዎም ይኽእሉ:
- ሰባት ሕክምናዊ ፍወሳ ድሕሪ ምክያዶም እንተላይ ክታበት ድሕሪ ምውሳዶም፡ ሓደ ሓደ ግዜ ሃለዋቶም ከጥፍኡ ይኽእሉ እዮም። ንኣስታት 15 ደቓይቕ ኮፍ ምባል ወይ ጽግዕ ኢልካ ምድቃስ፡ ሃለዋትካ ካብ ምጥፋእን ብመውደቕቲ ክስዕብ ካብ ዝኽእል መጉዳእትን ክከላኸለልካ ይኽእል። ርእስኻ ዘንጸራርወካ/ዝዞረካ፡ ናይ ምርኣይ ዓቕሚኻ ዝቀያየር፡ ወይ ድማ ኣብ ኣብ ኣእዛንካ ዉዉ. . . ዝብል ድምጺ ዝስማዓካ እንተኾይኑ፡ ንሓኪምካ ንገሮ።
- ገለ ሰባት ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኣእዳዎም ከቢድ ቃንዛ ስለዝስምዖም፡ ኣእዳዎም ከንቀሳቕስዎ የጸግሞም። እዚ ግን ኣዝዩ ሳሕቲ ዘጋጥም ጸገም`ዩ።

ክታበታት ውሕስነቶም ክረጋገጽ ስለዘለዎ፡ ኩሉ ግዜ`ዩ መርመራ/ምክትታል ዝግበረሎም። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቲኻ ተወከስ: **www.cdc.gov/vaccinesafety/**

## 5 ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም እንተኣኸተለ`ኸ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

**ከስተብህለሉ ዘለኒ እንታይ ኣሎ?**
- ንዝኾነ ሻቕሎት ዝፈጥረልካ ጸገማት ኣስተውዕለሉ። ገለ ምልክታት ናይ`ዞም ጸገማት፡ **ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት**፡ ኣዝዩ ልዑል መጠን ረስኒ፡ ወይ ድማ ዘይንቡር ጠባይ/ባህርይ እዮም።

  ምልክታት ናይ ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት፡ ዕንፍሩርን ሰሓን ኣብ ቆርበት፡ ሕበጥ ኣብ ገጽን ጎረሮን፡ ከቢድ ጸገማት ምስትንፋስ፡ ዘይንቡር/ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡ ምንጽርራው ናይ ርእሲን ድኻም ኣካላትን የጠቓልል። እዞም ጸገማት`ዚኣቶም ኩሉ ግዜ ድሕሪ ክታበት ካብ ሒደት ደቓይቕ ክሳብ ሒደት ሰዓታት ኣብ ዘሎ ግዜ`ዮም ዝኽሰቱ።

**እንታይ`የ ክገብር ዘለኒ?**
- እቲ ሰብ ኣጋጢሙካ ዘሎ ጥዕናዊ ጸገም ከቢድ ቁጥዐ ናይ ኣካላት ወይ ካልእ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ዘድልዮ ጸገም ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ፡ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ‖ 9-1-1 ደውል ወይ ድማ ነቲ ሰብ ኣብ ቀረባኻ ናብ ዝርከብ ሆስፒታል ውሰዶ። በዚ እንተዘይ ሰሊጡካ ግን፡ ንሓኪምካ ደዋልካ ንገሮ።

- ብድሕሪ`ዚ፡ እቲ ነቲ ሰብ ዘጋጠሞ ጥዕናዊ ጸገማት ብጸብጻብ ናብቲ ንጎድናዊ ሳዕቤናት ክታበት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ምእካብ ዝነጥፍ `ቫክሲን ኣድቨርስ ኢቨንት ሪፖርቲንግ ሲስተም` (VAERS) ዝተባህለ ኣሃዱ ክለኣኽ ኣለዎ። ሓኪምካ ነቲ ጸብጻብ/ሓበሬታ ክልእኮ ይኽእል፡ ወይ ድማ ብዓልካ ብመገዲ`ዚ ዝስዕብ ናይ ቪ.ኤ.ኢ.ኣር.ኤስ ኣድራሻ መርበብ ሓበሬታ ኣቢልካ ክትልእኮ ትኽእል።
  **www.vaers.hhs.gov**, ወይ ድማ በዚ ቁጽሪ`ዚ ደውል **1-800-822-7967**።

ቪ.ኤ.ኢ.ኣር.ኤስ ሕክምናዊ ማዕዳ ኣይህብን እዩ።

## 6 ሃገራዊ ፕሮግራም ካሕሳ መጉዳእቲ ክታበት

ሃገራዊ ፕሮግራም ካሕሳ መጉዳእቲ ክታበት (VICP)፡ ብገለ ክታበታት ጥዕናዊ ጉድኣት ወሪዱዎም ክኾኑ ንዝኽእሉ ሰባት ካሕሳ ክህብ ኢሉ ዝቖመ ፈደራላዊ ፕሮግራም እዩ።

ክታበት ጥዕናዊ ጉድኣት ኣስዒብሎም ክኸዉን ከምዝኽእል ዝኣምኑ ሰባት፡ ብዛዕባ`ዚ ፕሮግራምን ብዛዕባ ኣመላልኣ ቅጥዒ ናይ ካሕሳን ዝምልከት ትምህርቲ/ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ክድውሉ **1-800-338-2382** ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቪ.ኣይ.ሲ.ፒ ኣትዮም ክውከሱ ይኽእሉ **www.hrsa.gov/vaccinecompensation**። ካሕሳ ንምርካብ ጥርዓን እተቕርበሉ ግዜ ደረት ኣለዎ።

## 7 ተወሳኺ ትምህርቲ/ሓበሬታ ብኸመይ ይረክብ?

- ንሓኪምካ ተወከሶ። ንሱ/ንሳ ነቲ ኣብ መትሓዚ ክታበት ዝርከብ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቐት ክ(ት)ህበካ ወይ ብዛዕባ ካልኦት ምንጭታት ሓበሬታ ክሕብረካ እዩ።
- ናብ ናይ ከባቢኻ ወይ ድማ ናብ ክፍሊ ጥዕና ናይ ክፍለ-ሃገር ደዊልካ ተወከስ።
- ንማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (CDC) እውን ተወከሰን:
  - በዚ ቁጽሪ`ዚ ደውል **1-800-232-4636** (**1-800-CDC-INFO**) ወይ ድማ
  - በዚ ናይ ሲ.ዲ.ሲ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኻ ተወከስ **www.cdc.gov/vaccines**


Vaccine Information Statement
# Hib Vaccine - Tigrinya

4/02/2015

42 U.S.C. § 300aa-26

Office Use Only

Translation provided by Minnesota Department of Health